Tigrinja • ትግርኛ

ክቡር ማይና ንምዕቃብ ሕበሩና

ጠቓሚ ሓበሬታ ኣብ ምዕቃብ ማይ ንነበርቲ ምምሕዳር ኤክሀ

EKSJÖ ENERGI

EKSJÖ KOMMUN

እቲ ገደብ እንታይ የጠቓልል፤

በዚ ገደብ መሰረት ከኣ ማይ ብዘይካ ንመስተ፡ ንጽርየትን ንስርሓት ኣን ካልእ ክውዕል ኣይፍቀድን እዩ። እዚ ገደብ ንኹሉ ኣብ ክሊ ከተማ ኤክሀ ማይ ናይ ምምሕዳር ንዝዕደል ውልቀ ሰብ፡ ትካላት፡ ህዝባውያን ማሕበራትን ይምልከት። ማይ ስራሓት ማለት ኢንዱስሪታት ዝጥቀምኦ ማይ እዩ። ግናኸ እዚ ንኽሕለፍ ዘይክእል ቴክኒካዊ ስራሓት ጥራይ ዝፍቀድ እዩ። እዚ እንዳ ብመላኡ ዝጸንዕ ኮይኑ ንህዝባውያን ማሕበራትን ትካላትን ዝምልከት እዩ። ህዝባውያን ማሕበራትን ትካላትን ከኣ ኣብ ኣጠቓቕማ ማይ ምምዕርራይ ክገብራ ይጽውዓ።

ኣብ ክሊ ከተማ ኤክሀ፡ ብምምሕዳር ዝዕደል ማይ ኣብዞም ዝስዕቡ ክውዕል ኣይፍቀድን፡

• ሳዕሪ፡ ዕንባባታት፡ ጀርዲንን ብትቦ ማይ(ሆዝ) ኮነ ብገጫቢ ምስታይ ኣይፍቀድን። ብኢድ ዝትሓዝ መስተዪ ማይ ኣቢልካ ምስታይ ግና ይፍቀድ እዩ። ይኹን እምበር ናይ ኩልና ዝስተ ማይ ብዘይ ብእኡ ክንነብር ከም ዘይንኽእል ኮይኑ ክርአ ኣለዎ። ነዞም ዝተጠቕሱ ንምስታይ ማይ ናይ ዝናብ ንጠቕም።

• ንከብሕታት ጀርዲን፡ግዳም ገዛውንቲ(ህንጻታት) ወይ ባልኮንታት ብቱቦ ማይ ወይ ብሓይሊ ዝጭንጉዕ መሳርሒ ሕጸቡ።

• መዕቆሪ ማይ(ባስካታት ይምላእ። እቲ ብኣየር ዝንፋሕ ባስካታትን ባስካታት ጃኩዝን እውን ይምላእ። ኣብ መሬት ዝኣተወ(ዝተቕብረ) ባስካታት ክሳዕ ክስከሞ ዝኽእል ይምላእ።

• ሜዳታት ኩዕሶ እግሪ፡ ቴኒስን ዝኣመሰሉ ማይ ይስተ።

• መኪና ትተሓጸብ። ማይ እናኣጸረየ ኣብ ዝሓጽብ መሕጸብ መኪና ክትከዱ(ከተሕጽቡ) ንምዕድ።

ንግላዊ ዕላማታት ብዙሕ ዓቐን ማይ ክትዕድጉ ምስ እትደልዩ(ብዘይካ ንዝስተ ማይ ኣብ ክሊ ከተማ ኤክሀ) ንግላውያን ኣቕረብቲ ተወከሱ።

ንዝርዝር ናይቲ ገደብን ንውሕሉል ኣጠቓቕማ ማይን ብዝምልከት ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ንኤክሀ ኤነርጂ ተወከሱ።

ነቲ ገደብ ምጥሓስ እንታይ የስዕብ፤

እቲ ጸገም ንኹልና ዝጸሉ እዩ እሞ ማይ ንምዕቃብ ክንተሓጋገዝ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ገደብ ይኽበር ከም ዘሎ ዝከታተል ኣካል የልቦን፡ ኣብ ክንድኡ ግን እቲ ገደብ ስለምንታይ ከም ዝተነብረ ኩልና ክንርዳእ ግድነት ይኸውን። ሓደ ሰብ ነቲ ገደብ ክጥሕስ ምስ እትርኢ ቀሪብካ ከተዘራርቦ ፈትን። እቲ ሰብ ብዛዕባ እቲ ገደብ ዘይሰምዐ ወይ ናይ ባዕሉ ዒላ ክህልዎ ይኽእል እዩ።

ማይ ብጥንቃቐ ንጠቐመሉ።

ማይ እቲ ቐንዲ ባእታ ናብራና እዩ። ምስ ምቅይያር ኩነታት ኣየርን ምውሳኽ ሙቐትን ማይ ብውሕልነት ምጥቃም ከድልየና እዩ። እምበኣርከስ እቲ ገደብ ኣብ ክሊ ከተማ ኤክሀ ጥራይ ዝጸንዕ ይኹን እምበር ኩሎም ነበርቲ ናይቲ ምምሕዳር፡ እቶም ዒላታት ዝውንኑ ከይተረፈ፡ ኣብ ኩሉ ወቕትታት ኣጠቓቕማ ማይ ክንክዩ ንጽውዕ። ግዴኻ ምግባር ኣገዳሲ እዩ።

ወሓለ ማይ ኩን።

ሓደ ሰብ ብገምጋም 140 ሊትሮ ማይ የህልኽ። ዝበዝሐ ካብዚ ኣብ ኣካላዊ ጽርየትን ሽንቲ ቤትን ዝውዕል ከይኑ ንመግብን መስተን ዝውዕል ውሑድ ዓቐን ጥራይ እዩ። ነዞም ዝስዕቡ መምርሒታት ብምኽታል ማይ ኣብ ምዕቃብ እጃምኩም ኣበርክቱ። ከሉ ዝነጥብ ማይ ዋጋ ኣለዎ!

#1

ኣስናንኩም ኣብ እትሓጽብሉ(ብራሽ) ቡንባ ማይ ዕጸዉ። ቡንባ ማይ ንሰለስተ ደቓይቕ ኣብ እትዓጽውሉ 36 ሊትሮ ማይ ካብ ብኽንት ዓቂብኩም ኣለኹም።

#2

ድስቲ ኩስኩስቲ ኣብ ቡንባ ማይ ኣይትሕጸቡ። ማይ ኣዕቁርኩም ወይ ነቲ ሲንክ ዓጺኹም ሕጸቡ። ድስቲ ኩስኩስቲ ኣብ ትሕቲ ቡንና ምስ እትሓጽቡ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ደቓይቕ 120 ሊትሮ ማይ ኣባኺንኩም ኣለኹም።

#3

ንማሽን መሕጸቢ ድስትን ማሽን መሕጸቢ ክዳውንትን ክንዲ ክስከምኦ ዝኽእላ ዓቐን መሊእኩም ተጠቐሙለን። ጣሳታት ኣብ ማሽን መሕጸቢ ድስቲ ቅድሚ ምእታውኩም ብዙሕ ኣይትሕጸብዎ፡ ብዝተኻእለኩም ከኣ ነቲ ሓጺር ወይ ኢኮ ሰቲንግ ተጠቐሙ። ማሽን ሓጸቢት ድስቲ ንሓደ ድስቲ ክሳዕ 10 ሊትሮ፡ ሓንቲ ማሽን ሓጸቢት ክዳውንቲ ኸኣ ክሳዕ 50 ሊትሮ ማጥ ይወስዳ።

#4

ኣካላትኩም ኣብ ታብ(መዕቆሪ ጥስቲ) ኣይትተሓጸቡ። ሓንቲ ባዝታብ ክሳዕ 200 ሊትሮ ማይ ትሕዝ። ኣብ ክንድኡ እናንጠብጠብኩም ወይ ብሻወር ተሓጸቡ። መዓልታዊ ወይ ደጋጊምኩም ኣይትተሓጸቡ፡ ክትሕጸቡ እንከለኹም ከኣ ኣውሕድ ኣቢልኩም ብውሑድ ዓቐን(ሻወር) ተሓጸቡ። ሳምና ኣብ እትገብርሉ ኸኣ ነቲ ቡንባ ማይ (ሻወር) ዕጸውዎ። ካብቲ ልሙድ 5 ደቓይቕ ቀኒስኩም ምስ እትሕጸቡ
ዳርጋ 70 ሊትሮ ማይ ትዕቅቡ ኣለኹም።



#5

ላሕኩ ኣብ ሽንቲ ቤትን ዝነጥብ ቡንባን ኣዐርዩ። ዘፍስስ(ዘልሕኹ) ኣብ ሽንቲ ቤት ዘሎ ማይ ኣብ ዓመት ክሳዕ 400,000 ሊትሮ ማይ የባኽን። ሓንቲ እተንጥብ ቡንባ ኣብ ዓመት ክሳዕ 15,000 ሊትሮ ማይ ተባኽን። ሽወር፡ ቡንባን ኣብ ሽንቲ ቤት ዘሎ ማይን ብውሑድ ዓቐን ምስ እትኸፍትዎ
ኣብ ሓቲ ደቂቕ ክሳዕ 5 ሊትሮ ማይ ትዕቅቡ ኣለኹም ማለት እዩ።

#6

ማይ ዝናብ ኣብ ገንእታት ብምዕቁር ኣብ ቤትኩም ንዘሎ ኣትክልቲ ከተስትይሉ ትኽእሉ። ገንእታት ናይ ማይ ኣብ ድንኳን ሃርድዌር ወይ ድንኳን ጀራዲን ክትዕድጉ ትኽእሉ። ኣካላትኩም ክትሕጸቡ እንከለኹም ከኣ ነቲ እተፍስስዎ ማይ ኣዕቑርኩም ንኣትክልቲ ክትጥቀምሉ ትኽእሉ። ውሑድ ዓቐን ሳምናን ሻምፖን ንኣትክልቲ ኣይሃስን እዩ።

#7

መሐንበሲ ባስካኹም ወይ ባስካ ውሁይ ማይ ወይ ጃኩዚ ኣይትምልእዎ። ኣብ ክንድኡ ኣብቲ ናትና ፖንድ ምጹ።

#8

ማይ ክዝሕለልኩም ነቲ ቡንባ ደጋጊምኩም ካብ ምኽፋት ኣብ ፍሪጅኩም ብዕብይ ዝበለ ኣቕሓ ማይ ኣቐምጡ። ዝሑል ማይ ንምርካብ ነቲ ቡንባ ካብ ምኽፋት ምስ እትቐጠቡ ኣብ ሓደ ደቒቕ 12 ሊትሮ ማይ ትዕቅቡ።

ኣጠቓቕማ ማይ ኣብ ምንካይ ካልእ ሜላ ኣለኩምዶ፧

ሓሳብኩም ንምክፋል ንኤክሀ ኤነርጂ ተወከሱ ወይ ብሃሽታግ #Eksjöspararvatten ኣቢልኩም ሓሳብኩም ኣፍስሱ።